# **ይኣክል ንመን ?**

ኣብዚ ዘለናዮ ማብል 21 ክፍለ ዘመን ቴክኖሎጅን መራኸብታትን ኣብ ዝረቐቐ በጺሑሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ በቲ ኣወንታዊ ጎድኑ ክንጥቀመሉ ከለና ንቕልጡፍ ዕቤትን ስልጣነን ሓጋዚ ይኸውን፡ በቲ ኣሉታዊ ጎድኑ ከኣ ንዕንወትን ጥፍሽናን የገልግል።

እቲ ሕቶ ኤርትራውያን ነዚ ዘመናዊ ቲክኖሎጂ ብኸመይ ንጥቀመሉ ኣለና፧

ኣብ ውሽጢ ሃገር መብዛሕትኦም መንእሰያት ኣብ ትምህርትን ኣብ ስራሕን ተጸሚዶም ነዚ ቴክኖሎጂ ዘምጽኦ ምዕቡል ማኅርሒ ተጠቒሞምነ ብሰምኣብ ምምዕባል ኣበርቲዖም ክምሃሩን ክመራመሩን ሓደስቲ ምህዞታት ክምህዙን ብኡ ኣቢሎም ከኣ ሃገሮም ከልምዑን ክልውጡን ኣብ ብዙሕ ሞያታት ተዋፊሮምብጽንዓት ይረባረቡን ይግስግሱን ኣለዉ። እቲ ዝዓበየን ዝኸበርን ጸጋ ሃገር ወዲ ሰብ ኣብ ቅድሚት ስለ ዝስራዕ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንዜጋታቱ ንኸምህር ዝዓበየ ባጀት መዲቡ ብሉጻት ዜጋታት ንምፍራይ ኩሉ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ። ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ገዛእትን ጨኮንትን ሓይልታት ኣብ ዝነበርትሉ እዋናት ሃገር ምሃይምን ሓውሲ መሃይማትን ትልለ ዝነበረት፡ ሳላ ማትዋእትን ጻዕርን ደቓና ብሃገር ምሁራትን ሊቓውንትን ክትቕየር ንዕዘብ ኣለና፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ሞያውያን ንምጥራይ እታ ሓንትን ዝርካባን ኣብ ኣስመራ ጥራይ ዝነበረት ዩኒቨርሲቲ ኣብ ኩለን ዞባታት ኤርትራ ካልኦት 8 ዝተፈላለየ ስነ ፍልጠት ዘምህራ ምዕቡላት ኮሌጃት ወይ ዩኒቨርሲታት ትሃኒጸንን ብዙሓት ሞያውያን ኣፍርየንን የፍርያን ኣለዋ፡ ፡ እዞም ተስፋ ሃገር ዝኾኑ ተመራመርቲ መንእሰያት ዝተፈላለየ ዓይነት ማኅርሒ ቴክኖሎጂ ብምጽናዕ፡ ንነብሶም ኣማዕቢሎ ቀይሮምንሃገሮምን ሃገሮምን ህዝቦምን ዝጠቅምምህዞታት ኣብ ዝገብርዎ ዘለዉጻዕርታት ከኣ ዘሕብን ኢዩ።

በቲ ካልእ ወገን ከኣ ብዙሓት መንእሰያት ነዚ ዕድላት ብግጉይ ኣገባብ ክጥቀምሉ፡ ኣብ ክንዲ ንትምህርትን ዕቤትን ፡ ንኣሉታዊ መዳያት ጥራይ ክሰርሕሉ ይርኣዩ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ መራኸቢ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ (ሶሻል ሚድያ) ከም ፈይስ ቡክ፡ ትዊተር፡ ዌብ ሳይት ወ.ዘ.ተ ንመጻረፍን ማባዝሒ ሓሶታትን መደንቆሪ ወረታትን ንማሕጸቢ ኣእምሮ ወዲ ሰብን ጥራይ ከጎሳጉስሉ ከለዉእቲ ክሳራ ይርኣየካ።

ነዚ ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ ብዝበዝሐ ብኣሉታዊ ሜላክዑ እንጥቀመሉ ከኣ ዝበዝሓና ኣብ ወጻኢ ዘለና ኤርትራውያን መንእሰያትን ካልኦት ንውልቓዊ ረብሖም ንጸቢብ ፖለቲካዊ ማኅርሒ ከም ሚሳይል ዝወነኑ ሓሶታት እናምሃዙ ንምዝንባል ኣእምሮ መንእሰያት ክሓጽብሉ ይርኣዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ዘበን ርሑቕ ዓዲ ማሕሰዊ ከምዝብሃል ኣብ ዕጹውገዛ ተሸጉጥካ ስምካ ወይ መንነትካ ሓቢኢኻ፡ ብናይ ሓሶት ሓበሬታ ማኅርዕ ህዝብታት ንምዝራግ ንዘይኮነ ስእሊ ኣምሲልካ ብምቕራብ ናይ መንእሰያት ኣእምሮ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ንምእታውሓድነት ህዝቢ ንምዝራግ ብትሑት ጸበብቲ ስምዒታት ብኣውራጃ ብሃይማኖት ንህዝብታት ምንቋት ከምዕለታዊ ስርሖምዝሓዝዎ ኣገልገልቲ ፍሉይ ረብሓታት ከምፍልሖ ክባዝሑይርኣዩ። ሓሶትን ፍኹሰን ግን ከም

ትኪበናኒ ስለ ዝኾነ ዕድመየ ብሉን። ሓደ ካብቲ ንማኅርዕ ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግ ብመደብ ዝሰርሕ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ስርዓት ወያነ፡ ኣሸሓት ገንዘብ ብምፍሳስ ዲጂታል ወያነ ዝብል ሓዲሽ ጭቅቀት ዝፈጠሮ ፕሮጀክት ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራን ብኡ ኣቢሉ`ውን ንናይ ሰላም ማስርሕ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምዝራግን ከምዝዓበየ ዕማሙግይሩ ይሰርሓሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ንከዳዓትን ሃሱሳት ብገንዘብ እናኣዋፈረ፡ ኣብ ወጻኢ ብስም ናይ ኤርትራውያን ተጎልቢባ እትሰርሕ ሳተላይት ቴሊቪዥን ኣሰና (ሓሰና) ኣሸሓት ዶላራት ወጻኢታ እናገበረ በቲ ምልሜል ዕሱብን ከዳዕን ጋዜጠኛ ኣሚኤል ኢያሱ እትካየድ ትካል ሃኒጹ ንግሆ ንግሆ ሓደስቲ ሓሶታት ብምምሃዝ ንህዝቢ ንምድንጋር ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግን ወፍሪ የካይድ ኣሎ። እቶም ኣብዚ መደብ ዝቖርቡ ባእታታት ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቓልስን ብድሕሪኡን ካብ ኤርትራ ዝተፈላልየ ዓበይቲ ገበናት ገይሮም ዝሃደሙ ከድዓት ደቂ ሃገርን፡ ጀብሃዊ ኣተሓሳስባ ዘይበለየሎምን ናይ ቦታን ስልጣን ህርፋን ዘለዎም ከዳዓትን፡ ካልኦት ከምኤርትራውያን ማሲሎም ዝተዋፈሩ ተጋሩን ኣብ ናይ ኣሰና ተለቪዥን ካልኦት ብዛዕባ ኤርትራ ጸለመን ሕሜቕን ጥራይ ንምውራይ ዝተዓጥቃ ዌብ ሳይትን፡ ታሪኽ ኣናጠማዝዙ በቲ ከዳዕ ኣሚኤል ኢያሱ ዓሰብቱን ተቓናቢሩ ዝተዋደደ መኣዲ ቃለ መሕትታት እናተገብረሎም፡ ክሕደት ንኤርትራ መንግስታን ህዝባን ታሪኻን ንምድዋን ኩሉ ዝከኣሎም ክገብሩ ይርኣዩ።

እዞም ወያነ ኣብ ኤርትራ ሓዚሉ ከእትዎም ኣብ ስልጣን ኮፍ ከብሎም ዝጽበይዎ ዝነበሩ ሕልምታት ኩሉ ምኽ በነነ፡ ብጥፍሽንኦም ተስፋ ዝቖረጹ ባእታታት፡ ኣይፍለጥን ብኻልእ መጋዲ ዘይንፍትን ብምባል፡ ሓዲሽ ከይጀመረ ዝፈሸለ **ይኣክል** ዝብል ፕሮጀክት ኣዋዲዶም ኣብ ማስኮት ፈይስ ቡክ ካልእ ሜራኸብታትን ዓንገረር ክብሉ ይርኣዩ።

ንኽድዓትኩም **ይኣክል** ክብልኹምዘለዎ፡ እቶምምእንቲ ልኡላውነቶም ከይድፈር ኣብ ቅድሚግንባራት ጸላኢ ኣብ ድፍዓት ደውኢሎም ንዕስራ ዓመታት ዝሞቱን ሃገሮም ዘውሓሱን ጀጋኑ ህዝባዊ ሰራዊትናን ቅኑዓት ሜራሕቱን ኢዮም።

**ይኣክል** ንኽድዓትኩም ክብልኹም ዘለዎም፡ እቶም ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ንኹሉ ተጻብኦታት ተጻዊሮም ኣብ ዕላምኡ ምጸኒዖም ንኹሉ ውዲታትኩም ዘምከኑ ሓርበኛታት ተቓለስቲ ህዝቢ ኤርትራ ኢዮም።

## እወሕጂውን ይኣክል !!

**ይኣክል** ! ነቶም ናጽነት ኤርትራ ንኽይረጋገጽ ረፈረንዱም ኣይንመርጽን ዝበልኩም፣

**ይኣክል**፡ ነቶም ትማሊ እገዳ ንኽይልዓል ዝመጎትኩም፣

**ይኣክል** ! ነቶም ወያነ ንኤርትራ ንኽወራ ኩሉ ዝከኣለኩም ዝገበርኩም፣

**ይኣክል** ! ነቶም ኣብ ኣዋሳን መቐለን ናይ ወያነ ሻርባ ተጎልቢብኩም ሕቡእ መንግስቲ ዝማስረትኩም!

**ይኣክል** ! ነቶምንስውኣት ዝጸረፍኩምን ዘቛናጸብኩምን፣

**ይኣክል** ! ነቶምባንዴራ ኤርትራ ዝረገጽኩም፡

**ይኣክል** ! ነቶምምስ ወያነ ኮንኩምመቓብር ስውኣት ዘፍረስኩም፡

**ይኣክል** ! ይኣክል ነቶም ንወትሃደራት ወያነ ሜሪሕኩም ንኣዴታትን ኣሓትን ኤርትራውያን ዝተጋሰስኩም!

**ይኣክል** ! ለይትን መዓልትን ኣብ ምጽላምን ኤርትራ ዝተዓጠቕኩም፡

**ይኣክል** ! ብደምንጹሃት መንእሰያት ዝተጣለዓኹም፡ ጌና ውን ትቕጽልዎ ዘለኹም፡

**ይኣክል** ! እትብሃሉ ንስኹምኢኹም ተቛሚርቲ ኣውራጃውያን ፈላለይቲ ብሃይማኖት ሸቐጥቲ፣

08/05/2019 **ዓወት ንሓፋሽ !!**

ፋሲል ቀለታ ! ሚላኖ - ኢጣልያ